# ናይ ገዛ ሕግታት

**ንOder-Spree ዞባ ሓበራዊ መንበሪታት ስደተኛታት፣ ናብ ሃገሮም ዝምለሱን ካልኦት ወጻእተኛታትን ኣዝማዶምን ኣብ § 11 ዓንቀጽ 1 ሓሳብ 2 ሃገራዊ ፍቓድ ውዕል ናይ Branenburg ከምዝሰፈረ**

## 1. ሓበራዊ መንበሪን ተቐማጦን ጎብነይትን

(1) እቶም ሓበራዊ መንበሪ ብመሰረት ሃገራዊ ፍቓድ ውዕል ናይ ስቴት Brandenburg ዞባ Oder-Spree ንስደተኛተታት ናብ ሃገሮም ዝምለሱን ካልኦት ወጻእተኛታትን ኣዝማዶምን ከም ጊዚያዊ መንበሪ ኮይኖም ቆይሞም ኣለው።

(2) ኣብቲ ሓበራዊ መንበሪ ዝተመደበ ኣካል

(3) ኣብቲ ሓበራዊ መንበሪ ዘይተመደበ ግና ናብኡ ክኣቱ ዝደሊ ጎብናይ

## 2. ምሕደራ እቲ ሓበራዊ መንበሪ

(1) በቲ ሓበራዊ ምሕደራ ዝግበሩ ወጻኢታት ብሰራሕተኛታት ምሕደራ እቲ ህንጻ ይፍጸሙ(ካብ ሕጂ ንድሓር፡ ምሕደራ)።

(2) እቲ ምሕደራ ናይ ገዛ ሕግታት ይትግብር፤ ኣድላ ዝኾኑ መምርሕታት የውጽእን እዩ። ምትግባር ሕግታት ገዛ በቲ ውዕል መሰረት ንስድተኛታት ሃገሮም ዝምለሱን ካልኦት ወጻእተኛታትን ኣዝማዶምን ማሕበራዊ ክንክን ንዝገብርን ኣብቲ መንበሪ ቀጽሪ ናይ ድሕነት ኣገልግሎት ንምሃብ ንዝተቖተሩን ናጻ ስፖንሰራት ክመኻላለፍ ይኽእል።

(3) ተቐማጦን ጎብነይትን ኲሎም ናይዚ ገዛ ሕግታትን ካብቲ ምሕደራ ዝመጹ መምርሕታት ብቅጽበት ክፍጽሙን ይግደዱ።

## 3. መንበሪታትንን ምሸትን፣ ናይ ጸዓት ኣጠቓቕማ

(1) እቲ ምሕደራ ሕድሕድ ሓዱሽ ነባሪ ኣብ ፍሉይ ቀጽሪ ይምድብ፤ እቲ ሓበራዊ ናይ መንበሪ ኣቅርቦት መሊስካ ክዕድል ይኽእል እዩ።

(2) ኣብ እዋን ምእታው ሕድሕድ ዓብይ ወይ ስደራ ኣብ ተግባር ብዘሎ ፖሊስ መሰረት ዲፖሲት ፣ ናይ ዞባ Oder-Spree ንብረት ዝኾነ መፍትሕ ይወሃቦ፤ እቲ መፍትሕ ኣብ እዋን ምልቃቕ፣ ክልወጥ እንከሎን ዝምለስ እዩ።

(3) ውሱን ቦታ ወይ ንጽል ክፍሊ ንውልቀ ሰባት ናይ ምዕዳል ውሕስና የለን።

(4) ናይቲ መንበሪ ክፍልታት ኣቑሑታትን ናይ ውልቀ ንብረታትን ናይ ኣገልግሎት ኣቑሑን ብክንክን ክትሓዙ ኣለዎም። እቶም መሳርሕታትን ኣቑሑን ካብቲ ምሕደራ ወጻኢ ክውሰዱ ኣይኽእሉን። ናይ ውልቀ ኣቑሑታትን ናይ ኤሌክትሪክ መሳርሕታትን ንምምጻእ ፍቓድ የድሊ። ሕድሕድ ነባሪ ባዕሉ ንዘስዕቦ ዕንወት ተሓታቲ እዩ። እቶም ክፍልታት ንዝፍጠር ስያሕ ንምውጋድ ብግቡእ ንፋስ ክረኽቡ ኣለዎም።

(5) እቲ ተቐማጣይ ምስለቐቐ ናይ ወልቀ ኣቑሑ ምስዝገድፍ እቶም ኣቑሑ እንተበዝሐ ን3 ኣዋርሕ ይቕመጡ። እዚ ጊዜ ምስዝዛዘም እቶም ኣቑሑ ጥቕሚ ዘይብሎም ምስዝኾኑ ይውገዱ። ጠቐምቲ ኣቑሑ ብሕጊ መሰረት

ይግምቱ ወይ ንጨረታ ይቐርቡ። ክዳውንቲ፣ ጫማ፣ ላውንደሪ ወዘተ ኣድላይ ምስዝኸውን ጨና ከየስዕቡ ብቅልጡፍ ይውገዱ።

(6) ኤሌክትሪክ፣ ማይን መሞቕን ቀያይርካ ምጥቃም ይግባእ

## 4. ምእታው እቶም ተቖማጦ

(1) እቶም ተቐመጦ ሰራሕተኛታት እቲ ምሕደራ ብዘቕርብዎ ሕቶን ቅድም ኢሉ ብዝተበጽሐ ውዕልን መሰረት ናብቲ መንበሪ ክኣትው ክፍቕድሎም ይግባእ።

(2) እቶም ሰራሕተኛታት እቲ ምሕደራ ኣብ ዝኾነ እዋን እዞም ዝስዕቡ ንጥፈታት ንምውጋድ ክኣትው ይኽእሉ።

a) ብቅልጡፍ ንሓደ ውልቀ ሰብ ንምእታው
b) ሓደጋ ንምክልኻል
c) ዘይተፈቐደሎም ሰባት ንምምርማርን ንምውጻእን

(3) ሓይሊ ናይ ምጥቃም ጸገም ምስዝህሉ ወይ ገበን ናይ ምፍጻም ምልክታት ምዝህልው እቲ ምሕደራ እቲ ናይ ገበን ተግባር ንምልክኻል ፖሊስ ንምጽዋዕ

## 5. ዘይምርባሽ

(1) ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛታት ግቡእ ዘይኮነ ጸባይ ምርኣይ፣ ንጓል ኣንስተይቲ ወይ ሰራሕተኛ ምጽራፍ ወይ ክብሪ ዘይመርኣይ ስጉምቲ ዝውሰዶሎም እዮም።

(2) ኣብ ሓበራዊ ርክባት ንኩሎም ተቐማጦ ሓበራዊ ምክብባር የድሊ።

(3) ኣካላዊ ወይ ኣእምራዊ ምግዳድ ምጥቃም ንመምርሒ ዝጻባእ ብምዃኑ ካብ ቀጽሪ ብቅልጡፍ ምብራር ከስዕብ ይኽእል።

## 6. ግዴታት ኣብ ሓገዝ ጵርየትን ስራሕ ገዛን

(1) ኩሎም ተቐማጦ መንበሪኦም ከከም ኣድላይነቱ ከጽርዩ ዝግባእ ኮይኑ ካብ ሓደ ሰሙን ክበልጽ የብሉን። እቶም ተቐማጦ ከም ክኽእሉ ነቲ ካብ ምዝላፍ፣ ኮሪደራት፣ መደያይቦታትን መሕጸቢ ነብስን ዝበሉ ሓበራዊ ቦታታት ንምጽራይ ዘይክእዘዙ ይኽእሉ።

(2) መሕጸቢ ክፍልታት፣ ናይ ማይ መዕጸዊ፣ ቱቦታት፣ መድረቒ ቦታታት ወዘተ ከከም ኣድላይነቱ በቶም ተቐማጦ ክጸርዩ ይግባእ። ዝዓብሱ ነገራት ብቅልጡፍ ክውገዱ ኣለዎም፣ እዚ ብቐሊሉ ምስዘይግበር ናብቲ ምሕደራ ሪፖርት ግበር።

(3) ጉሓፋት ኣብ ዝተዳለወሎም ቦታ ክቕመጡ ይግባእ፣ ኣብ ሽቓቕ፣ ቱቦታትን መውጸእትን ምቕማጥ ኣይከኣልን። እቶም ናይ ጉሓፍ መቐመጢ ኮንተይነራት ጽርዩት ኮይኖም ክቕመጡ ይግባእ።

(4) ምንጻፋት፣ተንከበት፣ ክዳውንቲ ወዘተ ኣብ ቀጽሪታት ምውቃዕን ምንቕናቕን

(5) ዝተሓጸቡ ነገራት ኣብ ዝተፈቐደ ቢታ ጥራሕ ክደርቁ ኣለዎም። ኣብ መሸኮታት ምስጣሕን ምንጥልጣልን፣ መድረቕቲ ነገራትን ምንባርን ኣይፍቀድን።

(6) ፓርኪንግን ናይ ትራፊክ ቦታታን ንግቡእ ዕላማታት ጥራሕ ይውዕሉ፣ ከም ኣድላይነት እቲ ምሕደራ ኣቑሑ ካብቲ ቦታ ክገልሱ ኣለዎም።

(7) ኩሎም ተቐማጦ ኣብቶም ቀጽሪታት ዝተሰነየ ምሕደራ ምእንታን ክህሉ ናይ ምሕደራ መምርሕታት ናይ ምፍጻም ግዴታ ኣለዎም።

(8) ኣብቲ ኣቕሓ ዝተለጠፉ ናይ ባርዕ ሓዊ መምርሕታት  ክትግበሩ ኣለዎም።

## 7. ተቐማጦ ክፍልጥዎም ግዴታ ዘለዎም

(1) እቲ ምሕደራ ብቅልጡፍ ክፈልጦም ዝግብኡ :

a) ሓዊ፣ ናይ ሓዊ ሓደጋ
b) ኢንፌክሽን ሕማማትን ለበዳን
c) ባልዓት
d) ምስያሕ
e) ኣብቲ ሓበራዊ መንበሪ ዘጋጥሙ ናይ ገበን ፍጻመታት፤ ብፍላይ ናይ ሰብነት ጉድኣት፣ ናይ ጾታ መጥቃዕቲ፣ ምድፋር፣ ስርቂ፣ ናይ ገበን ዕንወታት፣ ዋንነትን ናይ ሓሽሽ ምዝውዋርን
f) ኣብቲ ህንጻ ዝበጽሕ ዕንወት ብፍላይ ኣብ መሞቒ፣ ሳኒቴሽንን ናይ ኤሌክትሪክ መግጠሚታትን መሳርሕታትን

(2) እቲ ምምሕዳር ብቅልጡፍ ክፈልጦ ዝግባእ :

a) ኣብ ኩነታት ኢሚግሬሽን ዝህሉ ዝኾነ ለውጢ
b) ዝኾነ ልደት፣ ሓዳር፣ ሞት፣ ናይ ስም ለውጢ ወዘተ

## 8. ዝተኸልከሉ ነገራት

(1) እዞም ዝስዑ ምፍጻም ክልኩል እዩ:

a) ጠበንጃ ምሓዝ፣ ምቕማጥ ምጥቃም፤ መጸባበቕን ናይ ጠመንጃ ኣሻንጉሊትን ምሓዝ
b) ነቶም ተቐማጦ ክርብሽ ወይ ድሕነትን ስርዓትን ወይ ሰላም ተቐማጦ ክርብሽ ዝኽእል ዝኾነ ጸባይ
c) ከም ብሽክሊታ፣ ባጊስ፣ ሳንዱቓት፣ ኣቑሑ ወዘተ ኣብ ኮሪደራትን መእተዊ ኣዳራሽን ምቕማጥ
d) ከም ሞተር ብሽክሌታን ሞፔድን ዝበሉ ኣብ መደያይቦታት፣ ኮሪደራትመ ሴላር ፖሴጅን ከምኡ እውን ክፍልታት ምቕማጥ
e) ኣብ እዋን ለይቲ ጸጥታ ዝኽበረሎም ሰዓታት ምርባሽ (22:00 - 6:00) ኣብ እዋን ቀትሪ (ድሕሪ6:00) ካብ መጠን ንላዕሊ ዝኾነ ደምጺ ምስማዕ
f) ኣብ መንበሪ ወይ መደቀሲ ክፍልታት፣ ኣብ ክችነን ሓበራዊ ቦታታትን ሽጋር ምትካኽ
g) ኣብ ክፍቲ ሃልሃልታ ምስራሕን ዝቀጻጸሉን ሓደገናን ዝኾኑ ኣቑሑን ፈሰስትን ምቕማጥ
h) ናይ ቀርጽን ቴክኒካል ለውጥታት ብፍላይ መሞቒ፣ ሳኒቴሽንን ኤሌክትሪካዊ መግጠሚታትን ናይ ኢንስታሌሽን ኣንቴና ሳትላይት ዲሽን
i) ምስ እቲ ወቕታዊ ናይ ድሕነት ስታንዳርድ ዘይገጥም ናይ ውልቀ መሳርሕታት ምትግባር
j) ልዕሊ ዓቐን ዝኾነ ኣጠቓቕማ መብራህቲ፣ ማይን መሞቒን
k) ዝኾኑ ኣቑሑታት ወይ ግልጋሎታት ምሃብን ዝኾኑ ናይ ንግዲ መፋለጢታትን
l) ናይ ንግዲን ካልእ ስራሕን ምጅማርን ምክያድን
m) ኣብ መንበሪ ክፍልታት ወይ መደቀሲ ክፍልታት መግቢ ምስራሕ
n) ካብ መጠን ንላዕሊ ዝኾነ ኣልኮል ምጥቃምን ምሃብን ከምኡ እውን  ዘይሕጋዊ ዘደንዝዙ ነገራት ምጥቃም
o) እንስሳት ምህላው
p) ዝኾነ ሃይማኖታዊ ወይ ናይ ፖለቲካ ውድብ ንጥፈት
q) እቲ መከላኸሊ ብርጭቆእቲ መንቅሒ በትንን ኮነ ኢልካ ብምስባር እቲ መንቅሒ ሓዊ ምብልሻው
r) ካብሱፐርቪዥን ወጻኢ ናይ ኤሌክትሪክ መሳርሕታት ብፍላይ መሕጸቢ ማሽን ስቶቫት ወዘተ ዝበሉ ናይ ኤሌክትሪክ መሳርሕታት ምስራሕ

(2) እቲ ምሕደራ ንድሕነትን ስርዓትን ከምኡ ናይ ተቐማጦ ሰላም ንምሕላው ክብል ኣብ ዝኾነ እዋን ተወሰኽቲ እገዳታት  ክትግበር ይኽእል፡፡

### 9. ጎብነይቲ/ኣጋይሽ

(1) ነቲ ተቐማጢ ዝፈልጥ ጎብናይ ወይ ብዓሌት ወይ ብመስውቦ ዝራኸብ ናብቲ ሓበራዊ መንበሪ ካብ 8:00 ክሳብ 22:00 ኣብቲ ምሕደራ ተመዝጊቡ ክኣቱ ይኽእል። እቲ ጎብናይ በቲ ምሕደራ ኣብ ዝኾነ እዋን መፍለይ መንነቱ ንክርኢ ክሕተት እንከሎ ከቕርብ ኣለዎ። እቲ ጎብናይ መፍለይ መንነቱ ምስዘየርኢ እቲ ምሕደራ እቲ ቀጽሪ ለቒቑ ንክኸይድ ክሓቶ ይኽእል።

(2) ነቲ ተቐማጣይ ብኣካል ዘይፈልጥዎ፣ ብዓሌት ወይ ብመወስቦ ዘይራኸቡ ኣቐዲሞም ካብቲ ምሕደራ ፍቓድ ምስዝረኽቡ ጥራሕ ናብቲ ሓበራዊ መንበሪ ክኣትው ይኽእሉ። ንምጽዳቕ ጥርዓን የለን። እቲ ምጽዳቕ ኣብ ዕለት ምጉብናይ ኣብ 22:00 ሰዓት የብቅዕ። እቲ ጎብናይ በቲ ምሕደራ ኣብ ዝኾነ እዋን መፍለይ መንነቱ ንክርኢ ክሕተት እንከሎ ከቕርብ ኣለዎ።

(3) መጻምዲ ሓዳርን ህጻናትን ዝኾኑ ተቐማጦ ናይ ሓደ እዋን ፍቓድ እንተበዝሐ ን7 መዓልታት በቲ ምሕደራ ብዝጸድቕ መሰረትን በቲ ዘሎ ቦታ እንዳተርኣየን ክፍቀድ ይኽእል። እቶም ጎብነይቲ ንከምዚ ዓይነት ፍቓድ ክኸፍሉ ኣለዎም።

(4) እቲ ምሕደራ ኣብ ዝኾነ እዋን ነቲ ጎብናይን እቲ ፍቓድን ክስርዝ ይኽእል።

### 10. ብጊዚያውነት

(1) ንልዕሊ 24 ሰዓታት ካብቲ መንረቢ ክተርፉ ዝደልዩ ተቐማጦ ካብቲ ቀዲሙ ዘሎ መዓልቲ ቅድሚ 12 ሰዓታት ነቲ ምሕደራ ክፍልጡ ኣለዎም፣ ክርከብሉ ዝኽእሉ ኣድራሻ እውን ክህቡ ኣለዎም።

(2) እቶም ናይ ክፍልታት ትልሚ ኣብ ግምት ብምእታው ከምዚ ዓይነት ፍቓድ ክሳብ ሰሙን ክፍቀድ ይኽእል። እቲ ምሕደራ ኣብ ፍሉይ ኩነታት ናይ ክልተ ሰሙን ፍቓድ ክህብ ይኽእል።

(3) እቲ ተቐማጣይ ክምለስ እንከሎ ብቅልጡፍ ነቲ ምሕደራ ሪፖርት ይገብር

### 11. ምብቃዕ እቶም መንበሪታት

ኣብ መወዳእታ እቲ ጻንሒቶም፣ እቶም ተቐማጦ እቶም ቦታት ከጽርዩ፣ ከም መፍትሕ ዝበሉ ዝኾኑ መሳርሕታትን ቀረባትን ብዝተቐበልዎ በዝሑ ልክዕ ነቲ ምሕደራ ክምልሱን እቲ መንበሪ ክለቁን ኣለዎም።

### 12. ናይ ገዛ ሕግታት ምጥሓስ

ናይቲ ገዛ ሕግታት ምጥሓስ ካብ ሓሙሽተ ዩሮ ጀሚሩ ክሳብ ሓደ ሽሕ ን§ 11 ዩሮን ብሕጊ ዘባ Oder-Spree መሰረት ን ኣጠቓቕማ ሓበራዊ መንበሪ፣ መንበሪ ቀጽሪታትን ጊዚያዊ ገዛን ን ጊዚያዊ መንረቢ ስደተኛታት፣ ተመለስቲ ስደተኛታትን ካልኦት ስደተኛታትን ኣዝማድን(ናይ መንበሪ ሕጊ) ካብ 06.12.2016።

### 13. ተግባራዊ ዝኸውን

(1) ናይ ገዛ ሕግታት ካብ ዕለት 01.04.2017 ጀሚሩ ተግባራዊ ይኸውን።
(2) እቶም ናይ ቅድሚ ሕጂ ናይ ገዛ ሕግታት ካብቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ዕለት ጀሚሮም ተቐባልነት የብሎምን።

ስም ስድራ: ______________________________

ፈላማይ ስም: ______________________________

ናይ ልደት ስም: ______________________________
(ምስዝህሉ)

ናይ ልደት ዕለት: ______________________________

ምልክታ:

ኣብ ዞባ Oder-Spree ናይ ስደተኛታት፣ ናብ ሃገሮም ዝምለሱን ካልኦት ወጻእተኛታትን ኣዝማዶምን ሓበራዊ መንበረታት ኣብ § 11 ዓንቀጽ 1 ሓሳብ 2 ሃገራዊ ፍቓድ ውዕል ናይ Branenburg ካብ 01.04.2017 ጀሚሩ ዝትግበር ናይ መንበሪ ሕግታት ኣንቢ ምቕባለይ ኣረጋግጽ።

ኣብዚ ዘለው ሓሳባት ተገንዚበ ኣለኹ:

.........................................................................................................................
(ቦታ፣ ዕለት, ክታም)